ጋድ መበል ፲፯ ወለዶ ዝኾነ እንድርያስ'ውን፡ ምስ ኣኮኡ ቀዳማዊ ምንሊክ ወዲ ሰለሞን፡ ታቦት ጽዮን (The Ark of the Covenant) ኂዞም ናብ ኢትዮጵያ ምስ ዝመጹ ሰባት ናብ ኣክሱም ከምዝመጸ ይንገር[8]። ሓረግ ወለዶ ኢሮብ ከስ ካብቶም ፲፪ ነገደ እስራኤል ኮይኑ ብፍላይ ካብ ነገደ ጋድ ወዲ ያዕቆብ ኢዩ።

(ምብጻሕ ንግሥተ ሳባ ናብ ንጉሥ ሰለሞን፡ ምውላድ ቀዳማዊ ምንሊክ፡ ቀዳማዊ ምንሊክ ናብ ኣቦኡ ክበጽሕ ምኻዱን ምምላሱን፡ "ወለዶ/መበቈል ሕዝቢ-ኢትዮጵያ"ን፡ ወዘተ. ዝምልከት ዛንታ ከዓ ብሰፊሑ ኣብ ዝስዕቡን ካልኦት ብዙኃት መጻሕፍትን ተጽሒፉ ይርከብ። ንኣብነት፡-

- ፩ነገሥት ፲፡ ፩-፲፫።
- የኢትዮጵያ ሕዝብ ታሪክ፡ ባጭሩ የተጻፈ ከአለቃ ታየ (፲፱፻፲፬ ዓ.ም. ታትሞ የነበረ)፡ ሰንትራል ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ፡ ፲፱፻፷፬ ዓ.ም. ፡ ገጽ ፴፩..፣ ፺፪፣ ፸፬።
- የዓለም ታሪክ፡ ከጂዎግራፊ ጋር የተያያዘ፡ ተርጓሚ ዮሓንስ ወልደማርያም ዘብሔረ ተጕለት፡ በ፲፱፻፴፮ ዓ.ም. በ"ትምህርትና ሥነ ጥበብ ሚኒስቴር" ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተሓትመ፣ ገጽ፡ ፻፲፯-፻፲፰።
- ታሪክ ኢትዮጵያ ምስ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ዓለም፡ ብያይንሽት ገ/እግዚኣብሔር፡ ፪ይ ሕታም፡ "ኢል ፖሊግራፊኮ ሶ.ኣ."፡ ኣስመራ ፲፱፻፷፪ ዓ.ም.፡ ገጽ ፫-፲፫ ረአ። (ክብረ ነገሥት፡ ገጽ ፻፹፫-፻፹፱፣ ወዘተ. እውን ይጠቅስ)
- መሠረት ዓሌት ሕዝቢ መረብ ምላሽ፡ ብጆሜትራ ገብረ ኢየሱስ ኣባይ፡ ቤት ማሕተም ኮከበ ጽባሕ፡ ኣሥመራ፡ ፲፱፻፶፬ ዓም፡ ገጽ ፫-፭።
- Anders Svensson, Traditions de Tsazzega et Hazzega, Textes Tigrigna, Publiér par Johannes Kolmodin, Roma, 1912 : ገጽ ፫-፮።
- Belai Giday, Ethiopian Civilization, B.S.P.P., Addis Abeba, 1992 : ገጽ 4፣ 7-16። ወዘተ.)

[8] ገሊኦም ከምዝብሉ፡ ጋድ ወዲ ያዕቆብ (ብዕፃ) ናብ ሮማ ፈሊሱ ኣባኡ ንኣቅሊም ከምዝወለደ፡ ኣቅሊም ንኣፍሊስ ኣ.ንሳዶቅ ሳ.ንሳሙኤል ሳ.ንኣብኔር ኣ.ንኣፍኒን ኣ.ንዘካርያስ ዘ.ንኣሚናዳብ ኣ.ንኣክኒን ኣ.ንፊንሓስ ፊ.ንመግዲር ቀዳማዊ መ.ቀ.ንእስክንድር እ.ንሓዶ ሓ.ንፋሬስ ፋ.ንመግዲር ዳግማዊ ከምዝወለደ፤ (ሮማዊ) ንጉሥ መግዲር ዳግማዊ ካብ ንግሥቲ ኢሌኒ ጓል እሥራኤላዊ ንጉሥ ዳዊት (ኣዲኣ በርሳቤህ ሰበይቲ ኡሪያ) ንኣብርሃምን፡ ኣክኣብን፡ እንድርያስን ወለደ፤ ኣብርሃምን ኣክኣብን ኣብ ሮማ ከምዝተረፉ ይንገር።



ኣብ ቃላዊ ትውፊት ናይ ሕዝቢ ኢሮብ (oral tradition) ከምዝእመንን ምስ ዝተፈላለዩ ናይ ኢትዮጵያ ታሪክ መጻሕፍቲ ዘቕርብዎ ባህልታት (ዛንታታት) እንክነጻጸርን፡ ሕዝቢ ኢሮብ መሠረታዊ ኣመጻጽኣኡ ካብ ናይ ካልኦት ሕዝብታት ኢትዮጵያ ተፈልዩ ክረኣ ዝከኣል ኣይኮነን። እቶም ቀንዲ መበቈል ሕዝቢ ኢትዮጵያ ኢዮም ዝበሃሉ፡ ብብጊዜኡ እናፈለሱ ናብ ኢትዮጵያ ዝኣተዉ ኣርባዕተ ዓይነት ነገዳት፡-1.ነገደ ኦሪት፡ 2.ነገደ ካም (ኩሣ)፡ 3.ነገደ ሴም (ዮቅጣን)፡ 4.ነገደ እሥራኤል[9] እንክኾኑ፡ ዝበዝሕ ሕዝቢ ኢትዮጵያ፡ ምስ ሴማውያን (እስራኤላውያን) ናይ ትውልዲ ርኽክብ ከምዘለዎ ታሪካዊ ትውፊት ኮነ ባህላዊ ምምስሳል ከማኡ'ውን ሴማዊ መበቈል (ዘርኢ) ቋንቋታት መሠረት ብምግባር ብብዙኃት ዝእመነሉ ባህሊ ኢዩ። ንኣብነት ገለ ገለ መጻሕፍቲ ምጥቃስ እንተድለየ፡-

- ኢትዮጲስ፡ ከግርማ ዘውዴ፡ ንግድ ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ፡ 1985/1988 ዓ.ም.፡ ገጽ 11-12።
- የኢትዮጵያ ሕዝብ ታሪክ፡ ባጭሩ የተጻፈ፡ ከአለቃ ታየ (፲፱፻፲፬ ዓ.ም. ታትሞ የነበረ)፡ ሰንትራል ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ፡ ፲፱፻፷፬ ዓ.ም።[10]

[9] ኢትዮጲስ፡ ከግርማ ዘውዴ፡ ንግድ ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ፡ 1985/1988 ዓ.ም.፡ ገጽ 11።
ታሪክ ኢትዮጵያ ምስ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ዓለም፡ ገጽ ፫ ርአ።
(ገሊኡ ታሪክ ከም ዘዘንትዎ፡ ሃገርና "ኢትዮጵያ" ዝብል ስም ጌዛ እትርከብ እንካብ ኢትዮጲስ ንጉሥ፡ ወዲ ኩሽ፡ ማለት ወዲ ወዱ ንካም ኢያ። ታሪክ ኢትዮጵያ ምስ ሕጽር ዝበለ ዛንታ ዓለም፡ ገጽ ፫)።

[10] "... አማሮች፡ ትግሮች፡ የኢትዮጵያ ዓይነተኛ ባላገሮችና ባላባቶች የሆኑ፡ ከሴም ዘር፡ ከነገደ ዮቅጣን ልጆች፡ ከእስራኤልም ዘሮች እንደሆኑ የሚያስረዳ፡ ብዙ ምስክር አላቸው። እነርሱም በ፲፩ ክፍል ተከፍተው ይነገራሉ።
መጀመሪያ ምስክር፡ ከሴም ዘር ከእስራኤል ወገን እንደሆኑ የሚያስረዳ፡- ከልዩ ወገን፡ በመብል፡ በመጠጥ፡ በመጋባትም፡ አለመቀላቀላቸው ነው። ሁለተኛ ምስክር፡ ስለእነርሱ፡የሚናገር፡ በዓለም የሚናገር ታሪክ ነው። ሦስተኛ ከመጽሐፍ ቅዱስ ስለ ኢትዮጵያ የተነገረ ትንቢት ነው። አራተኛ አምልኮአቸው ነው። አምስተኛ ግዝረታቸው ነው። ስድስተኛ መልካቸው ነው። ሰባተኛ ጠባያቸው፤ ስምንተኛ ቋንቋቸው፤ ዘጠኛኛ ስማቸው፤ አሥረኛ ስመ አገራቸው፤ አሥራ አንደኛ ልማደ አገራቸው ነው።
የነዚህ የ፲፩ዱን ክፍሎች ምስክሮች ዋና አስረጂን እዚህ እንዳንጽፈው በየክፍሉ እጅግ ብዙ ነውና፡ ነገር እንዳይበዛ በዚህ ተውነው። ሙሉ ክፍሉን ልታይ ብትወድ፡ በክብረ ነገሥት ከገጽ ፶፯-፻፹፬ በየክፍሉ እያነበብህ ልብ አድርገህ አስተውለህ፡ ተመልከት።" ይብሉ አለቃ ታየ። ገጽ ፴፱ ረአ።